**5-9 ዓመታት**

# ውሉድኩም ብኽመይ ኣብ ገዛ፣ ኣብ ጽርግያን ኣብ ናይ ጸወታ ግዜን ካብ ሓደጋ ከምእትሕልዉ

CHILDSAFETYLINK Here for you.



## ኣውራ ናይ ድሕነት ስክፍታታት ብዛዕባ ካብ 5-9 ዓመት ንዘለዉ ህጻናትኩም፣

- ኣብ ደገ ኣብ ዝጻወትሉ ምውዳቕ።
- ከም መድሃኒትን ናይ ጽሬት ቀመማትን ምውሓጥ።
- ብእግሮም ኣብ ዝንቀሳቐስሉን ጽርግያ ኣብ ዝሰግሩሉን ብመኪና ከይህረሙ።
- ኣብ ሓደጋ መኪና መጉዳእቲ ከይበጽሖም።
- ስፖርት ኣብ ዝጻወቱሉ ግዜ ርእሶም ካብ ምህሳይ።
- ምጥሓል።

## ድሕነት ኣብ ገዛ

- ህጻን ቅድሚ ኣብ ላዕልን ታሕትን ዓራት ክድቕስ ምጅማሩ ብውሑድ 6 ዓመት ክመልእ ኣለዎ።
- ምድርን መሳልልን ጽሩይን ድሩቅን ክኸውን ይግባእ።
- ከበድቲ ንብረት ገዛን ተለቪጅንን ብናይ ድሕነት መስቐሊ ኣብ መንደቕ ምስቃል።
- ንብረት ገዛ ካብ መስኮት ምርሓቕ።
- ኩሉ መድሃኒታት፣ ቪታሚናትን ናይ ጽሬት ቀመማትን ኣብ ልዕል ዝበለ ቦታ ወይ ኣርማድዮ ምቕማጥ። ኣብ
- ኣብ ከባቢኹም ዘሎ ናይ መርዚ ቁጽጽር ማእከል ቁጽሪ ተሌፎን ክንሕዝ ይግባእ:ኣብ ከባቢኹም ዘሎ ናይ መርዚ ቁጽጽር ማእከል ቁጽሪ ተሌፎን ክንሕዝ ይግባእ: በዚ ደውሉ 1-844-POISONX (1-844-764-7669)



5-9 ዓመታት

# ውሉድኩም ብኽመይ ኣብ ገዛ፣ ኣብ ጽርግያን ኣብ ናይ ጸወታ ግዜን ካብ ሓደጋ ከምእትሕልዉ

CHILD SAFETY LINK Here for you.



## ድሕነት ኣብ ጽርግያ

- ኣብ ኩለን መኪና ዘሎ መቕነት ዝገጥም ወንበር ወላውን ኣብ ታክሲ ከይተረፈ ንጠቐም።
- እቲ መቕነት ኣብ ናይ ቆልዓ ሰለፍን ኣፍልብን መኩብን ብዝግባእ ከምዝበጽሕ ምርግጋጽ።
- ቆልዑ ክሳብ 13 ዓመት ዝመልኡ ኣብ ዳሕረዋይ ወንበር ይቀመጡ።
- ደቅኹም ምስ ዓቢ ሰብ፣ ካብኦም ዝዓቢ ህጻን ወይ'ውን መንእሰይ ጽርግያ ክሰግሩ ይግባእ።
- ጽርግያ ኣብ ዝሰግሩሉ ግዜ ተንቀሳቃሲት ተሌፎንን ናይ እዝኒ መስምዒ (ኢርፎንን) ከይጥቀሙ ምግባር።

## ድሕነት ኣብ ናይ ጸወታ ግዜ



- ንናይ ደቕና ስፖርትን ንጥፈታትን ዝኸውን ናይ ድሕነት ቆብዕ (በጃ ርእሲ) ምምራጽ።
- ንርእስኻ በጃ ርእሲ (ቖብዕ) ብምጥቃም ኣብነት ምኳን።
- ቆልዓ ኣብ ማይን ከባቢኡን ኣብ ዝጻወተሉ ግዜ ብቐረባ ምክትታል። ክሳዕ ቆልዑ ብርቱዓት ሓንበስቲ ዝኾኑ ናይ ህይወት ጃኬት ምጥቃም።
- ጀያ፣ ሑጻ፣ ዕንጨይቲ ወይ'ውን ፕላስቲክ ምድሪ ዘለዎ ናይ መጻወቲ ቦታ ምምራጽ።
- ቆልዑ ናብ ደገ ክጻወቱ ኣብ ዝወጹሉ ሻርባን ናይ ክዳን ላችን ካብ ክዳን ቆልዑ ምእላይ።
- ቆልዑ ኣብ ግዜ ጸወታ ጥዑይ ስጉምትታት ክወስዱን ንጡፋት ክኺኑን ምፍቃድ።